# ፕሮጀክት ኣውሮራ ኣቨኑ (Aurora Ave)

## ጽሟቕ ሓሳባት ንድፊ ማሕበረሰባዊ ዋርክሾፕ

Seattle Department of Transportation

መስከረም 2023

## እንታይ እዩ ዝግበር ዘሎ

ኣብ ፕሮጀክት ንኣውሮራ ኣቨኑ ኖርዝ ዝያዳ ውሑስን ኩሉ ሰብ ክጥቀመሉ ድማ ዝቐለለን ንምግባር ኣብ ዘኽእል ኣብ ምስራሕ ንርከብ። ናይ እቶም ኣብ'ዚ ቦታ እዚ ነበርቲ ዝኾኑ፣ ንግዳዊ ትካላት ዝውንኑን፣ ከምኡድማ ነቶም ናይ ኣጋር ጎደናታትን መንገዲታትን ዝጥቀሙ ሰባት ዘለዉዎም ሓሳባት ክንሰምዕ ንደሊ ኣለና። ሓደጋታት ኣበይ ከም ዜጋጥምን ነዚ ቦታታት እዚ ብፍላይ ነቶም ብእግሮም ወይ ብሽክለታ ዚጐዓዙ ሰባት ብኸመይ ዝያዳ ድሕንነት ከምዝህልዎም እውን ክንርኢ ኢና። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ነቲ ናይ ኣውቶቡስ ኣገልግሎት ዝሓሸ ምግባርን ምስ'ቶም ኣብ ቀረባኡ ዝርከቡ ናይ ቀሊል ባቡር ጣብያታት ንምርኻብ እውን ሓሳብ ኣለና። ዓላማና ገንዘብ ኣብ ዝረኸብናሉ ግዜ ነዞም ምምሕያሻት እዚኦም ኣብ ግብሪ ምውዓል እዩ።

## እንታይ ክትገብር ኣለካ


ኣብ`ዚ ሐዚ ሰዓት ዝኾነ ክትገብሮ ዘለካ ነገር የለን። ካብ`ቶም ኣብ`ዚ ቦታ እዚ ዝነብሩን ዝሰርሑን ሰባት ዝሰማዕናዮም ሓሳባት ጥራሕ ኢና ንነገርካ ዘለና። ካብ`ዚ ብተወሳኺ፣ ኣብ`ቶም ቀጸልቲ ናይ ትልሚ ምውጻእ ደረጃታት ድልየት እንተሃልዩካ ተሳትፊ ክትኮን ምእንታን፣ ኣብ ቀጻሊ እንታይ ከም እንገብር እውን ክትፍልጥ ንደልየካ።

## ነዚ ናይ ኣውሮራ ኣቨኑ (Aurora Ave) ፕሮጀክት መበገሲ ምኽኒያታት እንታይ እዮም

Aurora Ave N/State Route 99 ኣብ ሲያትል ካብ ዝርከቡ ከቢድ ጸዕቂ ተጠቀምቲ ዘለዎም ጎደናታት ሓደ እዩ። ዝተፈላለዩ ዓይነት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባትን ንግዳዊ ትካላትን ኣቋሪጹ ብዝተፈላለዩ ከባቢታት መንበሪ ዝሓልፍ እዩ። ብዙሓት ኣውቶቡሳት ዝጥቀሙሉ ኢዩ፣ ብተወሳኺ ድማ ጽዕነት ንምጉዕዓዝ ኣገዳሲ መስመር እዩ። ንብዙሓት ገዝውቲ፣ መደበራት፣ ግልጋሎት ወሃብቲን፣ ስራሕቲን ዘራኽብ እዩ። ግን ድማ ብዙሓት ግርጭታት ዝነበሩን፣ ኣብ ናይ ኣጋር መገዲታት ጸገማት ዘለዎን፣ ነቶም ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለዎም ሰባት ክንቀሳቐሱ ድማ ቀሊል ኣይኮነን።

## ኣብ'ዚ ናይ ኣውሮራ ኣቨኑ ፕሮጀክት ተሳታፊ ዝኾነ መን እዩ

ነዚ ናይ ኣውሮራ ኣቨኑ ፕሮጀክት፣ ክፍሊ መጓዓዚያ ሲያትልን ኪንግ ካውንቲ ሜትሮን ብናይ ሓባር ጸዕሪ ዘካይዱዎ እዩ። ንኣውሮራ ኣቨኑ ብሓድሽ ሓሳባት ብሓባር ኣብ ምስራሕ ንርከብ። ነቲ ኣብ 2021 ካብ ዋሺንግተን ግዝኣት ክፍሊ መጓዓዚያ ካብ ናይ ኣጋርን ናይ ብሽክለታን ፕሮግራም ዝረኸብናዮ ገንዘብ ኢና ኣብ ምጥቃም ንርከብ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ካብ ለቪ ቱ ሙቭ ሲያትልን (Levy to Move Seattle) ካብ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮን ገንዘባዊ ደገፍ ንረክብ ኢና።




ክፋል ካርታ ኣውሮራ ኮሪዶር

## ናይ ፕሮጀክት ናይ ግዜ ሰሌዳ

**ሳመር/ፎል 2022**

**ማሕበረሰባዊ ምብጻሕ ምዕራፍ 1**: ዳህሳስ ቁጽሪ 1

**ጽድያ/ክረምቲ 2023**

**ማሕበረሰባዊ ምብጻሕ ምዕራፍ 2:** ናይ ማሕበረሰብ ንድፊ ዎርክሾፓት

**ፎል 2023**

**ንድፊን ትልሚን:** ምምዕባል ስነ-ሓሳብ

**ሓጋይ/ጽድያ (ስፕሪንግ) 2024**

**ማሕበረሰባዊ ምብጻሕ ምዕራፍ 3:** ናይ ማሕበረሰብ ጸብጻብን ዳህሳስ ቁጽሪ 2

## ክሳብ ሐዚ ዝሰማዕናዮም ሓሳባት እንታይ እዮም

ኣብ ምዕራፍ 2፣ ካብ ሰባት ብኣካልን ብኦንላይንን ሓሳባት ኣኪብና ኢና። እምበኣር ናይ'ዚ ሓጺር ጽሟቕ እነሆ፣ ግን ድማ ኣብ'ቲ ኣብ ወብሳይትና ዝርከብ *Community Design Workshops Findings Report* ዝያዳ ዝርዝር ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።




**ራእይ ናይ'ተን ዝቕጽላ 20 ዓመታት:**

- መብዛሕቲኹም ኣብ መጻኢ ሰባት ብሓባር ግዜ ዘሕልፉሎም፣ ብዙሓት ኣግራባትን፣ ሓምለዎት ቦታታት ዘለዉዎምን፣ ከምኡድማ ብዙሓት ንግዳዊ ትካላት ዝርከቡዎም ካልኦት ዝዕየዩ ነገራት ኣብ ኣውሮራ ኣቨኑ ክህልዉ ኣብ ሕልናኹም ትስእሉ።
- መብዛሕቲኹም ድማ፣ ኣብ'ዚ ሐዚ ሰዓት፣ ኣውሮራ ኣቨኑ ምስ'ተን ኣብ ቀረባኹም ዝርከባ ከባቢታት መንበሪ ክህሉ ትደልዩዎ ዘሐጉስን ሰሓቢን ማሕበረሰብ ከም ዘይዛመድ ይስመዓኩም።
- ኣውሮራ ኣቨኑ ናብ'ተን ኣብ ሰሜን ሲያትል ዝርከባ ከባቢታት መንበሪ ንምኻድ ዘኽእለኩም ዓብዪ ጎደና እዩ ኢልኩም ትሓስቡ እውን ብዙሓት ኣይኮንኩምን።

## ግርጭታት:

- ሰባት ንኣውሮራ ኣቬኑ ንምምሕያሽ ኣብ ዝህልዉዎም ሓሳባት ዝረኣይ ቀንዲ ፍልልይ ድማ ኣብ መንጎ እቶም ን ኣውሮራ ኣቬኑ ከም ኣካል መንበሪ ከባቢኦም ዝርእዩዎን ኣብ'ቶም ነዚ ከም ዓብዪ ጎዳና ዝርእዩዎን ሰባት እዩ።
- ኣብ'ዚ እቲ ዓብዩ ዘይምስምማዕ ዝፍጠረሉ ሓሳብ ብዛዕባ ናህሪ ምቕናስን ፍሰት ተሽከርከርቲ ምቁጽጻርን ኣብ ዝብል እዩ።
- እቶም ብእግሮም ዝጓዓዙ፣ ብብሽክለታ ዝንቀሳቐሱ፣ ኣውቶቡስ ዝጥቀሙ፣ ወይ ንግዳዊ ትካል ዘለዎም ሰባት፣ ሓደ ሓደ ግዜ ፍልይ ዝበሉ ነገራት ይደልዩ ኢዮም ምኽንያቱ ድማ ንውሕስነትን ተስማማዕነትን ብዝተፈለለየ ኣገባብ ዝርእዩዎ ብምዃኖም። ካብ'ቶም ዝሰማዕናዮም መጎታት እቶም ዝተወሰኑ እነሆ።
    - ብዛዕባ ምልክታት ዘለዎም ናይ ኣጋር መሰጋገሪታት:



        - "እቶም ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለዎም ሰባት ንምስግጋር ብዙሓት ጸጋምት የጋጥሙዎም፣ ምልክት ዘይብሎም መሰጋገሪታት ምህሳው ድማ ነዚ ጸገም እዚ የጋድዱዎ።"
        - "በይዛኹም ምልክት ኣይትግበሩ፣ እዚ ንፍሰት ተሽከርከርቲን ኣውቶቡሳትን ዝቕንስ እዩ።"
    - ኣብ'ቶም ናይ ጸጋም መዕጸፊታት ቀይዲታት ምቕማጥ:




        - "ኣብ'ተን ናይ ጸጋም መዕጸፊታት ቀይዲ ክግበር የብሉን፣ ሓምለዋይን ቀይሕን ሕብሪ ዘለዎም ፍሳጻታት ናይ ጸጋም መዕጸፊ ምልክት መብራህቲታት ይወሰኹ...I-99 ከም ኣርተሬያል ኮሪደር ክኾን ንደልዮ ኣለና።"
        - "ካብ'ዚ ብተወሳኺ፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ጸጋም መዕጸፊ መብራህቲ ዘለዎ ናይ ጸጋም መስመር መጓዓዚያ፣ ሕድሕድ ዝረኣኹዎን ዝሰማዕኩዎን ግርጭት ካብ'ቲ ናይ ጸጋም መዕጸፊታት ዝመጽእ እዩ፡ ካብ'ቲ ዝሰማዕኩዎ እዚኦም ንብዙሓት ሰባት ዘጨንቑ እዮም።"
    - ብዛዕባ ምውሳኽ ናይ ብሽግለታ መስመር መጓዓዚያታት:




        - "ናይ ብሽክለታ መስመራት መጓዓዚያ ክህልዉ የብሎምን፣ ሰባት ብሽክለታ ኣብ ዝዝውሩሉ ግዜ መብዛሕቲኡ ግዜ ንኣጋራት ኣየስተውዕሉሎምን እዮም።"
        - "ናይ ብሽክለታ መስመራት መጓዓዚያ ን[safety]...ክገፍሑ ኣለዎም"

## ናይ ጎደናታት ምምሕያሻት:

- መብዛሕቲኦም ሰባት ኣብ ኣውሮራ ዝሓሸ ዝገብሩ ለውጢታት ክህልዉ ከምዘልዎም ይሰማምዑ።
- ሰባት ኣብ'ቶም ኣብ ኣውሮራ ዝግበሩ፣ ከም ናይ ኣውቶቡስን ብሽክለታን መስመራት መጓዓዚያ፣ ናይ ጸጋም መዕጸፊታት ዘይምህላውን፣ ነቲ ኣብ ማእኸል ዝርከብ መገዲ ብዝተፈለየ ኣገባብ ምጥቃምን ኣብ ዝብሉ ናይ መጓዓዚያ ለውጢታት ግን ኣይሰማምዑን እዮም።



- ብዙሓት ኣብ ዎርክሾፓትን ኣብ ዳህሳሳትን ዝተሳተፉ ሰባት ዝሓስቡዎ ገፋሕቲ ናይ ኣጋር መገዲታት፣ ሓደሽቲ ናይ ኣጋር መሰጋገሪታት ምስ ምልክታቶምን፣ ብእግሪ ንምጉዓዝን ንኣውቶቡሳትን ዝኾኑ ዝተመሓየሹ መብራህቲታትን ክህልው እቲ ዝበለጸ ምምሕያሽ ዝብል ሓሳብ ኣለዎም።



### ከም መጠቓለሊ

መብዛሕቲኦም እቶም ካብ'ቶም ዎርክሾፓትን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲታትን ዝተረኸቡ ሓሳባት፣ ሰባት ነቲ ከባቢ መንበሪ ዝያዳ ሰሓቢን ባህ ዘብልን ንምግባር ዘኽእሉ ትልሚታት ኣብ ምውጣን ነቶም ሓሳባቶም ክንጥቀም ከም ዝደልዩ ዘርእዩ እዮም።



## ነዞም ሓሳባት እዚኦም ብኸመይ ኢና ረኺብናዮም

ኣብ መንጎ መጋቢትን ሓምለን 2023፣ ምዕራፍ 2 ማሕበረሰባዊ ተሳትፎ ኣብ ኣውሮራ ኣቨኑ ፕሮጀክት ጀሚርና። ኣብ'ዚ ምዕራፍ እዚ፣ ዕላማታትና ምስ'ቶም ኣባላት ማሕበረሰብን ኣገደስቲ መሻርኽቲን ብሓባር ብምስራሕ ንመጻኢ ኣውሮራ ኣቨኑን ኣብ'ቲ ናይ ፕሮጀክት ከባቢና ዝርከቡ ናይ ትራንዚት ኣገልግሎታትን ዝኸውን ራእይን ናይ ንድፊ ትልሚን ንምውጣን እዩ ነይሩ። ነዚ ንምግባር ድማ፣ ነቶም ናይ ***ማሕበረሰባዊ ንድፊ ዎርክሾፓት*** ብምጅማር ነቶም ነበርቲ፣ መራሕቲ ማሕበረሰብ፣ ከባቢያዊ ናይ ንግዲ ትካላት፣ ናይ ኣገልግሎት ወሃብቲን፣ ናይ ማሕበረሰብ ጉጅለታትን ምሳና ክሰርሑ ሓቲትና።

ክሳብ 450 ዝኾኑ ሰባት ኣብ ዎርክሾፓትና፣ ብኣካል ወይ ብኦንላይ ክሳተፉ ጌርና ኢና። ንልዕሊ 250 ዝኾኑ ተሳተፍቲ ናይ መዘከርታ ህያባት ኣውን ሂብና ኢና። ብዛዕባ እቲ ናይ ***ማሕበረሰብ ንድፊ ዎርክሾፓት*** ዝምልከት ሓሳብ ምስ'ቶም ኣብ'ቲ ማሕበረሰብ ዝርከቡ ሰባት ብምዝርራብ፣ ምስ ናይ ማሕበረሰብን ናይ ትካላትን መራሕቲ ብሓባር ብምስራሕ፣ ኢሜይላት ብምልኣኽ፣ ነቲ ወብሳይትና ብምሕዳስን ኩሉ ኣብ ኣውሮራ ኣቨኑ ዝርከብ ሰብ ብዛዕባ እቶም ወርክሾፓታና ክፍለጥ ንምግባር ናይ ብሎግ ጽሑፋት እውን ብምጽሓፍ ኢና ክንፋልጦ ክኢልና።





## እንታይ እዩ እቲ ዝቕጽል ዕማም

ኣብ እዋን ፎል 2023፣ ኣብ መጻኢ ኣውሮራ ኣቨኑን እቶም ናይ ትራንዚት ኣገልግሎታትን ብሓባር ዝሓቁፍ ራእይ ኣብ ምምዕባል ክንሰርሕ ኢና።
ብዛዕባ ኣውሮራ ኣቨኑ ዘሎ ዳታን፣ ቴክኒካዊ ለበዋታትን፣ ከምኡድማ ነቶም ካብ ማሕበረሰብ ተሳትፎ ስራሕቲና ኣብ ምዕራፋት 1 ን 2 ዝኣከብናዮም ሓሳባት ክንጥቀም ኢና። ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት እዚ ድማ፣ ናይ'ቶም ንድፈታት ስነ-ሓሳብ ክነርእየኩም ትልሚ ኣለና።




## እዚ ከይሓልፈካ!

- ነቶም ካብ'ቶም ዘካየድናዮም ናይ ማሕበረሰብ ንድፊ ዎርክሾፓት ዝረኸበናዮም ሓሳባት *ዝምልከት ዝርዝር ጸብጻብ* ኣብ'ቲ **ወብሳይትና** ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

- ካብ'ዚ ብተወሳኺ ነዚ ካብ'ቶም ናይ ማሕበረሰብ ንድፊ ዎርክሾፓትና ዝረኸብናዮም ሓሳባት ብዝምልከት ዝተዳለወ ጽሟቕ ሓሳብ ብ *ታጋሎግ፣ ስፓኒሽ፣ ኮሪያኛ፣ ቬይትናምኛ፣ ቻይንኛ (ባህላዊ) ን ትግርኛን* ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ እዚ ፕሮጀክት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ **ናይ ኢሜይል እዋናዊ ዜናታት** ንምክራብ ተመዝገብን **ነቲ ወብሳይትና** ድማ ብጽሓዮን። እንተደኣ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ብኽብረትካ ን (206) 905-3620 ወይ ን **aurorastudy@seattle.gov** ተጠቒምካ ርኸበና።

**ምስ ፕሮጀክት ዝተሓሓዙ ርክባት፥**

Jules Posadas, *መራሒ ህዝባዊ ተሳትፎ*
aurorastudy@seattle.gov | 206-905-3620
www.seattle.gov/transportation/auroraproject

King County METRO
Seattle Department of Transportation
The Levy to MOVE SEATTLE